# ህዝባዊ ውሳኔታት ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ስያትልን ከባቢኣን

*ንሕና ኣብ ከተማ ስያትልን ከባቢኣን እንነብር ኤርትራውያን ሎሚ ሰንበት ፲፱ ግንቦት ፪፻፲፫ (19 May 2013) ብሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ፡ ኣቶ የማነ ገብረኣብ፡ ንህሉው ፖለቲካዊን፡ ዲፕሎማስያዊን፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ንዝሃቦ ሰፊሕን ብሩህን መግለጺ ድሕሪ ምስማዕን ምዕጋብን፡ ብቕሉዕን ደሞክራስያዊ ኣገባብን፡ ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ ኣካይድና።*

*ስርዓት ወያነን መሻርኽቱን ብዝምውልዎ፡ ካብ መስርሕ ህንጸት ሃገርን ውራይ ልምዓትን ንምዂላፍ ዝዋደዱ ሽርሕታት እንታይ ከም ዝመስሉን፣ ነዚ እኩይ ውጥናት ምሉእ ደገፍ እንዳሃቡ፡ ንመንግስትን ውድብን ብፈጠራዊ ጸለመ እናቐብኡ፡ ሓድነትና ንምልሕላሕን፡ ሃገራዊ ድሕነትና ኣብ ሓደጋ ንምውዳቕን ንዝግበር ሃቐነታት፡ ብዕምቈት ኣስተብሂልና፡ ነብስና ንምኽኣልን፡ ቅስንትን፡ ስልጥንትን፡ ብልጽግትን ሃገር ንምህናጽ፡ ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንዝውሰዱ ዘለዉ ውሳኔታትን፡ ንዝትግበሩ ዘለዉ ናይ ልምዓት መደባትን፡ ብዕትበት ዘቲና፡ ነዞን ዝስዕባ ውሳኔታት ነሕልፍ፡-*

*፩ይ ንኹሎም'ቶም ሰላምን፡ ስምረትን ዕብየትን ህዝቢ ኤርትራ ዘይደልዩ፡ ንነኣሽቱ ፍጻሜታት ኣተዓባብዮምን ዘይናቱ ትርጉምን ትንታኔን ሂቦም፡ ዘይነበረን ዘይተገብረን ተዋስኦታት ፈጢሮም፡ ብስነ ኣእምራዊ ወራር ኣብ ህዝቢ ናዕብን ፍልልይን ከስርጹ ህርድግ ዝብሉ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ "ኣብ ዘይ መንጠቢትኩም ኣይተእትዉ ኢድኩም" እንዳበልና፡ ኣትሪርና ንኹንን። ኣብ ጎኒ መንግስትናን ህዝብናን ኰይና ንኽንምክቶምን፡ ኩሉ ውዲታቶም ንምፍሻልን፡ ከኣ ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ድልዋት ምዃና ነረጋግጽ።*

*፪ይ ነቲ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ጻዕርን ድኻምን፡ ኣብ መትከል ርእሰኻ ምኽኣል ተመርኲሱ፡ ህዝብን መንግስትን ዘሰላስሎ ዘሎ ናይ ነጥበ-መቐይሮ ውህሉል ቁጠባዊ ዕብየት፡ እናደነቕና፡ ኣብ'ቲ ተሪፉ ዘሎ ዕማም ድማ፡ ከም ዜጋታት እጃምና ከነበርክት ቅሩባት ምዃና ነረጋግጽ። ነዚ ሓያል ቁጠባዊ ዝላ፡ ንሓዋሩ ዘምጽኦ ዘይዕገት ዕብየትን ምስኡ ንዝረጋገጽ ሰላምን ቅሳነትን፡ ክርእዩ ዘይወሓጠሎም ኩሎም ተጻባእቲ ባእታታት፡ ንቁጠባዊ ጉዕዞና ኽኾልፉ፡ ዘናፍሕዎ ዘለዉ ሓሶትን ጸለመን ድማ ኣትሪርና ንኹንን።*

*፫ይ መንግስትና ካብ'ቲ "ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን" ዝብል ራእዩኡ ተበጊሱ፡ ምእንቲ ሰላምን ምሕዝነትን ኣብ ኣከባቢና ዘካይዶ ዘሎ ውሕሉል ዲፕሎማስያዊ ኣተሓሕዛ እንዳሞጐስና፡ እቲ ኣብ ክንዲ ሰላም ህውከት መሪጹ፡ ኣህጉራዊ ሕግን ብይንን ረጊጹ ዘሎ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ብዘይ ቅድመ ኩነትን ውዓል ሕደርን፡ ካብ መሬትና ክውጽእ ደጊምና ንጠልብ።*

*፬ይ እተን ዝኾነ ይኹን ጭብጥን መርትዖን ዘይብለን፡ ኣብ ልዕሌና ዝተሰገደዳ ዘይፍትሓውያን እገዳታት፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ንክለዓላ ንጽውዕ።*

*፭ይ ከም’ቲ “ጭግራፍሲያ ወቑዓ ተእዊ” ዝበሃል፡ እቶም በቲ ኣብ በረኻታት ሲና ንመንእሰያትና ዝበጽሖም ዘሎ ኣደራዕ ቀንዲ ተሓተትን፡ ሃዋርያት ጥፍኣትን ክንሶም፡ ደይ መደይ ኢሎም ንመንግስቲ ኤርትራ ክስልበጡን፡ ብምግሃስ “ሰብኣዊ መሰል” ክኽስዎን፡ ዝህቅንዎ ዘለዉ ኩሉ ከንቱ ፈተነታት ንኹንን።*

*፮ይ ከም ኤርትራውያን ኣመሪካውያን፡ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ብቐጻሊ ክጠልቦ ዝጸንሐን ዘሎን “ሃናጺ ጽምዶ ኤርትራን ኣመሪካን” እንዳደገፍና፡ ምምሕዳር ፕረሲደንት ባራክ ኦባማ፡ እወታዊ ግብረ መልሲ ክህብ ንጽውዕ።*

*፯ይ ንኹሎም እቶም ብሽም “ደሞክራሲ” ዘይ ደሞክራስያዊ ተግባራት፡ ብሽም “ሃይማኖት” ዘይሃይማኖታዊ ስራሓት፡ ብሽም “ሰብኣዊ መሰል” ዘይ ሰብኣዊ ገበናት ንኽፍጽሙ ከይደቀሱ ዝሓድሩ ባእታታት፡ መሰል ሃገርን ህዝብን ክግህሱ ከምዘይነፍቅደሎምን፡ ብትሪ ክንምክቶም ምዃና ብዘይነግፈረግ ነፍልጥ።*

*፰ይ ነቶም ወግሐ ጸብሐ፡ መላኽዓቱን ሕብርታቱን እንዳለወጠ፡ ብማእለያ ዘይብሉ ሓሶትን ብቤላ በሎውን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘይስሙን ዘይመልክዑን ክቐብኡ ህርድግ ዝብሉ፡ ባእታታት እንዳኾነና፡ ሎሚ’ውን ከም ትማሊ ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ህዝብናን፡ ወትሩ ደው ከም እንብል፡ ደጊምና ነረጋግጽ።*

*ዕድመ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ*
*ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!*
*ዓወት ንሓፋሽ!*